











# ቀዳማይ ትንሳኤ ሙታን





ከም ብሓድሽ ድማ ኢየሱስ ንደቂ መዛሙርቲ ተራእዮም እቲ ዝተሸንከረ ኣእዳው ኣርኣዮም ህያው ምዃኑ ድማ ገለጸሎም ንጴጥሮስ ዘይምእማንካ፡ ዘይኮነስ ሕጂ ኣሚንካ ኣሎኻ ነሕዋትካን ንኹሉ ሰብን ንገር በሎ። እዚ ኢሉ ድማ እናረኣዩዎ ንሰማይ ናብ ቦትኡ ዓሪጉ ከደ።

23

ቀዳማይ ትንሳኤ ሙታን

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማቴ 26-28 ሉቃ 22-24 ዮሃ 13-21

״ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።״ መዝሙር 119፡130

**ጸሓፊ** Edward Hughes
**ገላጺ** Janie Forest

**ተርጋሚ፦ ተስፈኣለም በራኺ፡ ሙሉጌታ ዘርኣይ፡ ጸሃይነሽ ታደሰ**
**ኣወሃሃዲ** Lyn Doerksen

**ዛንታታት ካብ** 54 **ክሳብ** 60

**M1914.org**

**ፍቓድ፡ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፡**

እግዚኣብሄር ጌጋ ከም ዝገበርና ይፍልጥ እዩ፡ ንዕኡ ድማ ሓጢኣት ይብሎ። ዓስቢ ሓጢኣት ከኣ ሞት እዩ።

**እግዚኣብሄር ኣዚዩ ስለዘፍቅረና ንወዱ ሰዲዱልና፡ ኢየሱስ ከኣ ኣብ መስቀል ሞይቱ ዕዳና ከፊሉልና እዩ። ኢየሱስ ብኣካል ናብዛ ምድሪ ወሪዱ ኔሩ ሕጂ ግና ናብ ሰማይ ተመሊሱ ኣሎ። በዚይ ድማ እግዚኣብሄር ሓጢኣትና ሓደገልና።**

ካብ ሓጢኣትካ ክትወጽእዶ ትደሊ እኻ፣ ንእግዚኣብሄር ከምዚ በሎ፡ ኦ እግዚኣብሄር ኢየሱስ ከምዝሞተለይን ካብ ሞት ከምዝተንሰኤን ይኣምን እየ። ኦ ጎይታ ናብ ሂወተይ ንዓ፡ ንሓጢኣተይ ድማ ይቕረ በለለይ፡ ምእንቲ ሓድሽ ሂወት ክህልወኒ፡ ምስካ ድማ ንዘልኣለም ምእንቲ ክነብር። ከም ወድኻ ኮይነ ክነብር ሓግዘኒ። ኣሜን። ዮሃንስ 3:16

መጽሓፍ ቅዱስ ኣንብብ ንእግዚኣብሄር ከኣ መዓልታዊ ኣዛርቦ ብጸሎት።

**ትግርኛ** Tigrigna







እዚ ፍጻሜ እዚ ንምንታይ እዩ? ኢየሱስ ክርስቶስ በዚ ዘሕዝን ፍጻሜ ንምንታይ ይሓልፍ? እግዚኣብሄር ንወዱ ኣብ መስቀል ክሽንክሮ ስቅ ኢሉ ፈቂዱ? ኢየሱስ ዝፈጸሞ ገበን ኔሩ ድዩ? እግዚኣብሄር ከየድሕኖ ምክኣል ሲኢኑ ድዩ?
3
እግዚኣብሄር ምክኣል ሲኢንዎ ኣይኮነን ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ'ውን ዝፈጸሞ ገበን ኣይነበረን። ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቅድሚ ኢድ ሓጥኣን ከም ዝመውት ይፈልጥ ኔሩ'ዶ? ገና ኢየሱስ ክርስቶስ ብህጻኑ ከሎ ሓደ ዓቢ ናይ እግዚኣብሄር ሰብ ስምኦን ዝተባህለ ዓቢ ሓዘን ኣብ ቅድሚኣ ከም ዘሎ ንኣዲኡ ማርያም ነጊርዋ።
4
ቅድሚ ሞት
ኢየሱስ ክርስቶስ ቅሩብ መዓልታት ሓንቲ ሰበይቲ ናብኡ መጺኣ ቅዱይ ቅብኢ ኣብ ኣእጋሩ ኣፍሲሳ ቐቢኣቶ'ሞ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ዓቢ ጥፍኣት እዩ እዚ፡ ክቡር ቅብኢ ተሸይጡ ክንደይ መውጸአ በሉ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ግና ጽቡቕ ግብሪ ጌራ ኣላ እዚ ንቀብረይ ዝገበረቶዩ ኢሉ ዘገርም ነገር ኣቀዲሙ ተዛረበ።
5
ድሕሪ እዚ እዩ ይሁዳ ሓደ ካብቶም 12 ሃዋርያት ንኢየሱስ ክርስቶስ ኣሕሊፉ ንምሃብ ምስ ፈሪሳውያን ብ30 ቅርሺ ዝተሰማመዔ።
6
እቲ ፋሲጋ ኣይሁድ ቀሪቡ ነበረ'ሞ ኢየሱስ ከኣ ነቶም ሃዋርያት ቅድሚ ስቃየይ ምሳኻትኩም ገንሸል ፋስጋ ክበልዕ ሃረር ኢለ ኣሎኹ በሎም። ንሳቶም ከኣ ከምቲ ዝበሎም ምስ ኣዳለወ ሽዑ እቲ እግዚኣብሄር ንዘፍቅርዎ ዘዳለዎሎም ዘሕጉስ ብስራት እዩ ነጊርዎም። ሕብስትን ጽዋዕን ኣልዒሉ ባሪኹ ሃቦም። እዚ ስጋይ እዩ እዚ ከኣ ደመይ እዩ ንሓጢኣት መደምሰሲ ዝፈስስ እዩ እሞ፡ ንመዘከርታ ግበርዎ በሎም።
7
ኢየሱስ ንሃዋርያት ኵልኩም እቲ ፈተና ምስ መጸ ክትሓድጉኒ ኢኹም በሎም። ጴጥሮስ ግና "ኣነ ንሞት ኮነ ንማእሰርቲ ድሉው ኣየ በለ" ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ግና ደርሆ ከይነቀወ ሰለስተ ጊዜ ከም ትክሕደኒ እብለኻ ኣሎኹ በሎ።
8
በቲ ምሸት እቲ ናብቲ ናይ ኣታክልቲ ሰፈር ጌተሰማኔ ዝተባህለ ከይዱ ጸለየ። ደቀ መዛሙርቲ ግና ደቀሱ ንሱ ካባታቶም ፍንትት ኢሉ "ኣቦይ ፍቓድኻ እንተ ኮይኑስ እዛ ጽዋእ ካባይ ኣሕልፋ፡ ግናኸ ፍቓድካ እምበር ፍቓደይ ኣይኹን በሎ።
9
ብድንገት ድማ እንሆ ብዙሕ ህዝቢ መጸ ካብቶም 12 ሓዋርያት ይሁዳ ዝበሃል ሒዝዎም መጸ። ኢየሱስ ክርስቶስ ንይሁዳ ንወዲ ሰብዶ ብምስዓም ተትሕዞ ኣሎኻ በሎ ጴጥሮስ ግና ሰይፌ ጌሩ ንሓደ ወተሃደር የማናይ እዝኑ ቈረጸ። ኢየሱስ ክርስቶስ ግና ሕደግ ኢሉ እዝኑ ተንከዮ ኣሕወየሉ። ጐይታ ኢየሱስ ግና እቲ ዝሓልፍ ዝነበረ ፍቓዱ ኣምላኽ ምዃኑ ይፈልጥ ነበረ።
10
ሒዞም ከኣ ወሰድዎ ናብ ሊቀ ካህናት'ውን ኣእተውዎ ሓደ ካብቶም ካህናት ሽዑ ዓመት ዝተመረጸ ኢየሱስ ክመውት ኣለዎ በለ። እዚ ኵሉ ክኸውን ጴጥሮስ ርሕቕ ኢሉ ይኸታተል ነበረ። ጴጥሮስ ዘለዎም ኣብ ማእከል ተቐሚጦም ሓዊ ይስሕኑ ነበሩ። ሰለስተ ሰባት ተኸታቲሎም ኣብ ዝተፈላለየ ጊዜ ከምዚ በሉዎ "ንስኻ'ውን ሓደ ካባታቶም ኢኻ ምስ ኢየሱስ ኔርካ ኢኻ በሉዎ" ጴጥሮስ ግና ከምቲ ጐይታ ኢየሱስ ዝበሎ 3 ጊዜ ክሓደ።
11
ኩ ኩ ኩ ኩ
ሽዑ ገና እዚ ክዛረብን ክምለስን ከሎ ብኡብኡ ደርሆ 'ነቀወ። ጐይታ ኢየሱስ ከኣ ግልጽ ኢሉ ንጴጥሮስ ጠመቶ። ጴጥሮስ ከኣ "ሎሚ ርኤ ደርሆ ከይነቀወ ሰለስተ ሳዕ ክትክሕደኒ ኢኻ" ዝበሎ ቃል ጐይታ ዘከረ እሞ ናብ ደገ ወጺኡ ከይዱ መሪር ብኽያት በኸየ።
12
ሽዑ ይሁዳ እቲ ዘትሓዞ ተፈሪድዎ ምስ ረኣየ ተጣዕሰ እሞ ንጹህ ደም ኣሕሊፉ ብምሃበይ በደልኩ ኢሉ ነቲ 30 ቅርሺ ናብ ሊቃውንቲ ካህናት ዓበይቲ ህዝብን መለሰ።
13
ንሳቶም ድማ ንሕና እሞ እንታይ ገዲሱና ኢሎም ኣይተቀበሉዎን። ይሁዳ ነቲ ኣቕራሽ ኣብ ቤተ መቅደስ ደርብይዎ ወጸ ከይዱውን ተሓንቐ።
14
እቲ ሮማዊ በዓል ስልጣን ጲላጦስ ኣብዚ ሰብዚ ሓንቲ በደል ኣይረከብኩሉን በለ። እቶም ህዝቢ ግና ይስቀል እናበሉ ምጭዳር ኣብዝሑ።
15
ንኢየሱስ ግና ገሪፉ ኪስቀል ኣሕሊፉ ሃቦም። ክዳኑ ቐንጢጦም ከኣ ቀይሕ ባርኖስ ከደንዎ። ካብ እሾኽ ኣክሊል ተኒጎም፡ ኣብ ርእሱ ደፍኡሉ ጡፍ'ውን በሉሉ ዘንጊ ጌሮም'ውን ርእሱ ወቒዕዎ። ምስ ኣላገጹሉ ነቲ ባርኖስ ቀንጢጦም ክዳኑ ከደንዎ ኪሰቕልዎ ወሰድዎ። ኣብ መስቀል ሰቂሎም ቀተልዎ።
16
ኢየሱስ ከምዝመውት ይፈልጥ ኔሩ'ዩ። ሞቱ ንሰባት ሕድገት ሓጢኣት ምስ እግዚኣብሄር ዕርቂ (ፈጢሩዩ ንዓለም ብምልእታ።) ክልተ ከተርቲ ድማ ምስኡ ተሰቅሉ። እቲ ሓደ ንኢየሱስ ኣሚኑ ናብ ገነት ክኣትው ከሎ፡ እቲ ሓደ ግና ነቲ ዝረኸቦ ዕድል ኣይተጠቀመሉን።
17
ኢየሱስ ከም ብሓድሽ ብዓብይ ድምጺ ጨርሐ ነፍሱ ድማ ወጸት። ዕዩኡ ብዝግባእ ፈጺሙ ዓረፈ። ዕለተ ዓርቢ ድማ ኣብ በይኑ መቃብር ቀበርዎ።
18